ወይን (ቁፅሪ 704)

**ዜና**

## ዓቕሚ መሓዙት ውድባት ናይ ምጥንኻር ስራሕ ይካየድ ኣሎ

ናይ ኢህወዴግ መሓዙት ውዱባት ድልዱል ፖለቲካውን ውድባውን መሰረት ንክህልዎም ዘኽእል ምንቅስቓስ እናተኻየደ ምዃኑ ተገሊፁ፡፡

ኣብ ቤት ፅሕፈት ኢህወዴግ ሓላፊ መምርሒ ደገፍ መሓዙት ውድባት ኣይተ ግርማፅዮን ገ/ስላሴ ንልሳናት ኢህወዴግ ከምዝገለፅዎ፤ መሓዙት ውድባት ኢህወዴግ ዓቕሚ ኣመራርሓ ንክሃንፁ፣ ዝተመዓራረየ ኣወዳድባ ንክህልዎምን ፖለቲካውን ውድባውን መሰረቶም ኣብ ምጥንኻርን ዝሕግዙ ስራሕቲ እናተኻየዱ እዮም፡፡

ብመዳይ ኣወዳድባ ካብ ሞንጎ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ብደረጃ ወረዳ ኣብያተ ፅሕፈታት ፓርቲ ካብ ምጥያሽ ጀሚሩ ስልጠናታት ናይ ምሃብ ደገፍ ከምዝተገበረ ኣይተ ግርማፅዮን ገሊፆም፡፡

ናይ ኣመራርሓ ዓቕሞም ንምጥንኻር ዝተፈላለዩ ስልጠናታትን ናይ ተሞኩሮ ልውውጣትን ከምዝተኻየዱ ዝገለፁ ኣይተ ግርማፅዮን፤ ንልዕሊ 250 ኣካላት ላዕለዋይ ኣመራርሓ መሓዙት ውድባት ኣብ ጉዳይ ዴሞክራስን ሰናይ ምምሕዳርን፣ ኣብ ኣመራርሓን ስራሕቲ ህዝቢ ርክብን ዝጠመተ ስልጠና ከምዝተውሃበ ሓቢሮም፡፡

መሓዙት ውድባት ኢህወዴግ ድልዱል ፖለቲካውን ውድባውን መሰረት ሒዞም ምእንቲ ክንቀሳቓሱ ኣበየ ክልሎም ምስ ዝርከቡ ልዕሊ 30 ሽሕ ምሁራንን ተምሃሮ ዩኒቨርሲትን ውፅኢታዊ ዘተ ተኻይዱ እዩ፡፡

ኣብ ቀፃሊ ልዕሊ 10 ሽሕ ንዝኾኑ ኣርቢሓም ሓደርቲ ስልጠና ከምዝወሃብ ዝሓበሩ ኣይተ ግርማፅዮን፤ ኣበየ ወረዳኡ ዝርከብ ሕብረተሰብ ንኣካላት ኣመራርሓ ዝገምግመሉ ኩነታት ብምምችቻው ኮንፈረንስ እናተኻየደ ከምዝርከብ ተዛሪቦም፡፡

ብዘይካ'ዚ ናይቶም ውድባት ኣሰራርሓን ናይ ምፍፃም ዓቕምን ንምጉልባትን ብቑፅ ደገፍ ንምሃብን ዘኽእል ትልሚ ተሓንፂፁ ምንቅስቓስ እናተኻየደ ምዃኑ ኣይተ ግርማፅዮን ሓቢሮም፡፡

መሓዙት ውድባት ኢህወዴግ ተባሂሎም ዝፍለጡ ውድባት ሶህዴፓ፣ ጋህዴፓ፣ ኣብዴፓ፣ ሃብሊን ቤጉህዴኣግን ከምዝኾኑ ይፍለጥ፡፡

# ኣባላት ኣመራርሓ ጣቢያ ተልእኾኦም ብብቕዓት ክፍፅሙ ከምዝግባእ ተሓቢሩ

ኣባላት ኣመራርሓ ጣቢያ ድሕሪ ስልጠና ኣብ ሰናይ ምምሕዳርን ልምዓትን ዝላ ንምምዝጋብ መሪሕ ናይ ምኧንን ሰፊሕ ምንቅስቓስ ህዝቢ ናይ ምፍጣርን ተልእኾኦም ብብቕዓት ክፍፅሙ ከምዝግባእ ተሓቢሩ።

ኣብ ቤት ፅሕፈት ኢህወዴግ ሓላፊ ዋና ክፍሊ ስልጠናን ህንፀት ዓቕሚ ኣባላትን ኣይተ ሰይፉ ክንፉ ከምዝገለፅዎ፤ ኣባላት ኣመራርሓ ጣቢያ ኣብ ሰናይ ምምሕዳርን ልምዓትን መሪሕ ብምኧን ልምዓት ናይ ሞትን ሕውየትን ቃልሲ ምኧኑ ተረዲኦም ንተግባራዊነቱ ብናህሪ ብምንቅስቓስ ተልእኾኦም ክፍፅሙ ይግባእ።

ምስ'ዚ ብተወሳኺ ውድባዊ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ብምጥንኻር ሰፊሕ ናይ ህዝቢ ምንቅስቓስ ናይ ምፍጣር፣ ምጉህሃርን ምምራሕን ተግባራት ክፍፅሙ ከምዝግባእ እቶም ሓላፊ ወሲኾም ሓቢሮም።

ኣካላት ኣመራርሓ ጣቢያ ንልምዓት ዕንቅፋት ዝኾኑ ፀገማት ብምቅላስ እቲ ዝተጀመረ ስራሕቲ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ኣጠናኺሮም ክቕፅልሉ ይግባእ ዝበሉ ኣይተ ሰይፉ፤ ነናይ ከባቢኦም ሕብረተሰብ ብቅንዕና ብምግልጋል መሪሕ ተራኦም ንክፍፅሙ ፀዊዖም።

ኣብቲ ስልጠና ከካብ ጣቢያኡ ዝተዋፅኡ ካብ 25 ክሳብ 30 ዝኾኑ ሓረስቶት ዝተሳተፉ ምኧኖም ይፍለጥ። እቶም ሰልጠንቲ ኣብ ጉዳያት ልምዓት፣ ዴሞክራስን ሰላምን፣ ከምኡ'ውን መሰረታዊ ኣብ ዝኾኑ ጉዳያት ኣመራርሓ፣ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን፣ ኣብ ምንቅስቓስ ህዝብን ምፍፃም ትልሚ ጣቢያን ትኩረት ገይሮም'ዮም ተመያይጦም።

## ሕቶ ምጥያሽ ማዘጋጃ ቤት ከተማ ዕዳጋ ዓርቢ ምላሽ ረኺቡ

ንነውሕ ዝበሉ ዓመታት ነባሪ ህዝቢ ከተማ ዕዳጋ ዓርቢን ምምሕዳር ወረዳ ወርዒ ለኸን ክሓትዎ ዝፀንሑ ኣፍልጦ ከተማነትን ምጥያሽ ማዘጋጃ ቤትን ከተማ ዕዳጋ ዓርቢ እወንታዊ ምላሽ ከምዝረኸበ ተገሊፁ፡፡

ዋና ኣመሓዳሪ ወረዳ ወርዒለኸ ኣይተ ኣፅብሃ ብርሃነ ንወይን ከምዝገለፅዎ ኣብቲ ከተማ ዝካየዱ ምምሕዳራዊ መደባትን ሕቶታት መሰረተ ልምዓት ናይቲ ህዝብን ምስ ገጠር ምምሕዳር ሓዋዊስካ ምምራሕ ዝተሓለለኸ ፀገማት እናስዓበ ፀኒሑ’ዩ፡፡ እዚ ብምኻኑ ምምሕዳር ወረዳ ኣብዝሓለፈ ዓመት ንቤት ፅሕፈት ልምዓት ከተማ ክልልና ብዝርዝር ስለዘፍለጠ እቲ ቤት ፅሕፈት ክኢላታቱ ሰዲዱ መፅናዕቲ ክገብር ድሕሪ ምፅናሕ ነቲ ሕቶ ቅቡል ገይርዎ፡፡ ብድሕሪ’ዚ ድማ ቤት ፅሕፈት ልምዓት ከተማ ንዕዳጋ ዓርቢ ብደረጃ ከተማነት ኣፍልጦ ንምሃብ ዘኽእል መረዳእታ ንክልል ካቢኔን ቤት ምኽሪን ብምቕራብ ኣብ ቀረባ እዋን ከምዘፅደቐ እቶም ዋና ኣመሓዳሪ ወሲኾም ሓቢሮም፡፡

ኣብቲ ከተማ ዝጣየሽ ስሩዕ ማዘጋጃ ቤት ዝህልዎ ቅርፂ ምምሕዳርን በዝሒ መሓውርን ሰራሕተኛታትን ብቤት ፅሕፈት ልምዓት ከተማ ከምዝተነፀረ ዘመልክቱ ዋና ኣመሓዳሪ ወረዳ ወርዒ ለኸ ኣይተ ኣፅብሃ እቲ ሕዚ ዝጣየሽ ዘሎ ማዘጋጃ ቤት  እግሪ ክሳብ ዝተክል መሓውራት መልክዕ ሒዞም ስራሕ ምእንታን ክጅምሩ ብምምሕዳር እቲ ወረዳ 60 ሽሕ ቅርሺ በጀት ተመዲቡ ከምዘሎ ኣረዲኦም፡፡

ኣይተ ኣፅብሃ ብተወሳኺ ከምዝገለፅዎ ከተማ ዕዳጋ ዓርቢ ካብ 1994 ዓ/ም ጀሚሩ ብሰናይ ፍቓድ ነባሪ ህዝቢ ፕላን ዕብየት እኳ እንተተሰርሐላ ናይ ከተማነት ኣፍልጦ ስለዘይነበራ ምምሕዳር መሬት ከተማ ብኣግባቡ ምምራሕ፣ ጉዳያት ምምሕዳር ናይቲ ህዝቢ ምትእንጋድ፣ ዝርገሐ መሰረተ ልምዓትን ካልኦት ኣገልግሎታትን ንምስላጥ ከይተኸኣለ ፀኒሑ’ዩ፡፡ ሕዚ ግና ነባሪ ህዝቢ ኮነ ምምሕዳር ወረዳ ዝጠልብዎም ናይ ከተማ ኣገልግሎታት ደረጃ ብደረጃ ክማልኡ ንምግባር ካብዚ ዓመት ጀሚሩ ማዘጋጃ ቤት ከተማ ብናይ ባዕሉ መሓውር ንስራሕቱ ከምዝመርሕ ኣይተ ኣፅብሃ ኣገንዚቦም፡፡

ከተማ ዕዳጋ ዓርቢ መንግስቲ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ናብ ኩሉ ንምብፃሕ እናካየዶ ብዘሎ ተግባራዊ ምንቅስቓስ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ተጠቃሚት ግልጋሎት 24 ሰዓት መብራህቲ እንትትኸውን ኣብዚ ዓመት እዚ ድማ ተጠቃሚት ምሉእ ኣውቶማቲክ ስልኪ ንምግባር ናይ ህንፃን መስመር ምዝርጋሕን ስራሕ እናተሳለጠ ከምዝርከብ መብርሂ እቶም ዋና ኣመሓዳሪ ይገልፅ፡፡

# እዋናዊ ዛዕባ

## እንታይነትን ኣድላይነትን ውዱብ ተሳትፎ ህዝቢ

ህወሓት/ኢህወዴግ ሒዝዎ ዘሎ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ናይ ምርግጋፅ ተልእኾ ክረጋገፅ ዝኽእል ብዙርያ መለሽ ተሳትፎን ውዑይ ምንቅስቓስን ህዝቢ ኣቢሉ ምዃኑ ብተደጋጋሚ ይግለፅ'ዩ። ናይ'ዚ ኣበሃህላ'ዚ ሓቅነት ንምርግጋፅ ነቲ ብጭቡጥ ተግባራዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ዝፍፀም መደብን ብዘይካ ናይ ህዝቢ ምንቅስቓስ ዝፍፀም መደብን ዘለዎም ኣፈላላይ ምርኣይ ይከኣል'ዩ። ኣብ ታሪኽ ውድብ ናይ ህዝቢ ሓይሊ ናይ እማን ሓይሊ ምዃኑ ዘረጋግፅ ብዙሕ መድረኽ ተራእዩ እዩ። ሕዚ'ውን እናተረኣየ እዩ።

ካብቲ ሕሉፍ ታሪኽናን ህልው ምንቅስቓስናን ብምብጋስ እንትርአ ህዝቢ ዙርያ መለሽ ተሳትፎን ውዑይ ምንቅስቓስን ከካይድ ዝኽእል ብውዳበ ተጠሚሩ እንተተንቀሳቒሱ ጥራሐ ምዃኑ'ውን ይእመን። ካብዚ ብምብገስ ድማ ተሳትፎ ህዝቢ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ምብፃሕ ንዕውትነት መደባትና ወሳኒ'ዩ ክበሃል ይከኣል። ተሳትፎ ህዝቢ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብፃሕ ድማ ውዳበ ወሳኒ'ዩ። ስለዝኾነ'ውን'ዩ ህወሓት/ኢህወዴግ ውድብ ተሳትፎ ሓፋሽ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክበፅሕ ኣለዎ ዝብል።

ካብ ሕሉፍ ተሞኩሮና ተበጊስና ከምእነረጋግፆ ውዳበታትን ንህዝቢ ጠሚረን፣ ብሓባርን በብውልቁን ዝሰርሖ ነፂረን፣ ተዋዲዱ ክወፍርን ነንሕድሕዱ ክደጋገፍን ገይረን፣ ሓፋሽ ካብ ተሞክሩኡ ክመሃር ዘኽእላ'የን። ስለዝኾነ ድማ እቲ እነካይዶ ዘለና መደባት ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ኣብ ሸቶኡ ንክበፅሕን ቅልጡፍ ውፅኢት ንከምፅእን ልዑልን ሰፊሕን ተሳትፎ ውዳበታት ከም ሓደ ኣገዳሲ መሳርሒ ክውሰድ ይግባእ።

እቲ እነካይዶ ናይ ልምዓት ይኹን ሰናይ ምምሕዳር ምንቅስቓስ ንባዕሉ ከም ናይ መወዳእታ ዕላማ ወሲድና ንፍፅሞ ነገር ኣይኮነን። ነዚ ምንቅስቓስ'ዚ እነካይድ ዘለና እቲ ህዝቢ ካብ'ዚ ተግባር'ዚ ብዝለዓለ ደረጃ ክጥቀም ምእንቲ'ዩ። ካብ ነብሲ ወከፍ ለውጢ ህዝብና ዝበለፀ ናይ ኢኮኖሚያውን ፖለቲካውን ናብራ ምምሕያሽ ክረክብ ምእንቲ'ዩ። እቲ ዘቐመጥናዮ ፖሊሲታትን ስትራተጂታትን ብምትግባርና ጥራሕ ናይ'ቲ ህዝቢ ኢኮኖሚያውን ፖለቲካውን ናብራ ብዓብይኡ ከምዝማሓየሽ ዘጠራጥር ነገር ኣይብሉን። ይኹን'ምበር እቲ ፖሊሲ ምፍፃሙ ባዕሉ ካብ'ቲ ፍፃመ ነብሲ ወከፍ ዜጋ ክረኽቦ ዝኽእል ረብሓታት ብምሉእ ፀንቂቑ ዝወሰደን ዝተጠቐመን ምዃኑ ንምርግጋፅ ዘኽእል ኣይኮነን። ነቲ ረብሓታት ፀንቂ ቐካ ምውሳድ ዝከኣል ነቲ መደብ ነዚ ንምርግጋፅ ብዘኽእል ኣገባብ ኮነ ኢልካ እንተቓኒ ኻዮን ምስተፈፀመ ድማ ኩሉ በብዕሒቱ ፀንቂቑ ዝወሰደሉ ኣገባብ እንተተቐሚጡን ጥራሕ'ዩ።

ነብሲ ወከፍ ዜጋ ነቲ መደብ ብመንዕር ጥቕሙ ፀንቂቑ ኣብ ጥቕሚ ንምውዓል ክቓንዮ እንተፈቲኑ ዝተበታተነ ስለ'ዚ ድማ ውፅኢታዊ ዘይኮነ ከምዝኸውን ኣየጠራጥርን። ህዝቢ በብማሕበራዊ ክፍሉ ተወዲቡ እቲ መደባት እንትወፅእ እንተሎ ናይ'ቲ ማሕበራዊ ክፍሊ ጥቕሚ ብዝለዓለ ደረጃ ከምዘረጋግፅ ኮይኑ ከም ዝቃነይ እቲ መደብ ምስተፈፀመ ድማ ነብሲ ወከፍ ኣባል ናይቲ ማሕበራዊ ክፍሊ ነታ ክረኽባ ትግባእ ዝለዓለት ረብሓ ከምዝረክብ ገይሩ እንተኣልዩዎ ጥራሕ'ዩ ነቲ ጥቕሚ ፀንቂ ቐካ ምጥቃም ዝበሃል ነገር ክፍፀም ዝኽእል። ኩሉ ማሕበራዊ ክፍሊታት ህዝቢ በዚ መንገዲ'ዚ ተወዲቡ እቲ መደባት ናይ ባዕሉ ረብሓ ብዝግባእ ብዘንፀባርቕ መንገዲ ክወፅእ፣ ውፅኢት ናይ'ቲ መደብ ድማ ናይ'ቲ ማሕበራዊ ክፍሊ ዝለዓለ ፍትሓዊ ጥቕሚ ብዘረጋግፅ መንገዲ ክከፋፈል እንተገይሩ ኩሉ ህዝብና ካብ ዕውትነት መደብና ብዝለዓለ ደረጃ ተጠቃሚ ምዃኑ ምርግጋፅ ይክኣል። ስለዚ ናይ ህዝቢ ውዳበታት ብዝለዓለ ደረጃ ተሳተፍቲ ክኾና ኣለወን ንብለሉ ካልኣይ ምኽንያት ህዝብና ካብቲ ነካይዶ ዘለና

ምንቅስቓስ ብዝለዓለ ደረጃ ተጠቃሚ ንምግባር እቲ ዝበለፀ፣ ካብዚ ዘለናሉ ኩነታት ድማ እቲ ብሕታዊ መንገዲ ንሱ ስለዝኾነ እዩ።

ኣብ ሃገርና ሕብረ ፓርቲያዊ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ተኺልና ነዚ ኣብ ሕገ መንግስትና ኣረጋጊፅና ከምዘለና ዝፍለጥ'ዩ። እዚ ሕብረ ፓርቲያዊ ስርዓት'ዚ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ንሃገርና መማረፂ ዘይርከቦ መፍትሒ'ዩ ኢልና ኣሚናሉ፣ ከም ሓደ ዓብይ ዴሞክራሲያዊ ውፅኢት ናይ ቃልስናን ሓደ መለለይ ባህሪ ናይ ሰርዓትናን ወሲድና ንትግብሮ፣ ንሕልዎን ንከናኽናን ጉዳይ እዩ። እዚ ከምዘለዎ ኮይኑ ወያናይ ዴሞክራሲያዊ መስመርና ኣብ ልዕሊ 85% ናይ ህዝብና ዝኾነ ገባር ሱር ብዝሰደደ መጠን ኣብቲ ካሊእ ሓፋሽ'ውን ተቐባልነት ብዝረኸበ መጠን ናይ ውድብና ፖለቲካዊ ዓቕሚ ዓብላሊ ምኳኑ ኣይተርፍን።

ደንበ ወያናይ ዴሞክራሲ ኣብ ውሽጡ ውዑይ ዴሞክራሲያዊ ፖለቲካዊ ህይወት ዘጥረየሉ መንገዲ እንተዘይሓንፂፁ ኣብ ሞንጐኡን ኣብ ሞንጐ ፅግዕተኛ ፓርቲታትን ብዝካየድ ፖለቲካዊ ቃልሲ ጥራሕ ናይ'ቲ ስርዓት ዴሞክራሲያዊ ባህሪ ብዘተኣማምን ሓሊኻ ምኻድ ከምዘይከኣል ተሃድሶና ብግልፂ ዘቐመጦ ጉዳይ እዩ። ናይ ፖለቲካዊ ህይወትን ቃልስን ጉዳይ ዘይሩ ዘይሩ ናይ ጥቕሚ ጉዳይ ስለዝኾነ ኣብ ደንበ ወያናይ ዴሞክራሲ ዝህሉ ፖለቲካዊ ህይወትን ቃልስን'ውን በቲ ሓደ ገፅ ኣብ ሞንጐ እቶም ንወያናይ ዴሞክራሲ ዝድግፉን ብኡኡ ዝጥቀሙን ናይ ሕብረተሰብ ክፍሊታት ዝህሉ ናይ ጥቕሚ ፍልልይ ዘመንጭዎ፣ በቲ ካሊእ ገፅ ድማ ኣብ ሞንጐ ንወያናይ ዴሞክራሲ ኣለልዮም ዝሕልዉን ብፅግዕተኝነት ዝተፀለዉን ኣባላት ናይ'ቲ ደንበ ዝካየድ ቃልሲ ምኳኑ ኣይተርፍን። እዚ ፖለቲካዊ ናብራን ቃልስን'ዚ ብብቕዓት ንክካየድ ኣብ'ዚ ዘለናሉ መድረኽ ናይ ሓፋሽ ማሕበራት ፍፁም ዘይትካእ ተራ ይፃወታ።

ሓደ ናይ ሕብረተሰብ ክፍሊ ተወዲቡ ንመደባት ብመንፅር ጥቕሙ ክቓንይ፣ ካብ'ቲ ዝርከብ ውፅኢት'ውን ዝለዓለ ጥቕሚ ክረክብ እንትፍትን እቲ ካሊእ'ውን ከምኡ እንትገብር ኣብ ሞንጎ ክልቲኡ ናይ ጥቕሚ ግጭታት ምንፅብራቑ ኣይተርፍን። ንኣብነት ደቂ ኣንስትዮ ተወዲበን ነቲ ዝተበሃለ ነገር ክፍፅማ ክንቀሳቐሳ እንተለዋ በቲ ሓደ ገፅ ኣብ ናታተን ፍትሓዊ ጠለብን ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ፍትሓዊ ጠለብን ዘይመሰረታዊ'ውን እንተኾነ ናይ ጥቕሚ ግጭት ምህላዉ ኣይተርፍን። ነዚ ብዴሞክራሲያዊ መንገዲ ንምእላይ ንምጥዕዓም ውዑይ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ምጥላቡ፣ ንዴሞክራሲ ብተግባር ምርግጋፅ ምጥላቡ፣ ስለ'ዚ ድማ ንዴሞክራሲ ብተግባር ምጉልባቱን ሱር ክሰድድ ምግባሩን ኣይተርፍን። ብተወሳኺ ካብ ናይ ፅግዕተኝነት ፅልዋ ዝብገስ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ወይ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ዘይፍትሓዊ ጥቕሚ ካብ ምድላይ ዝምንጨ ናይ ጥቕሚ ግጭት'ውን ምህላዉ ኣይተርፍን። ነዚ ዘይፍትሓዊ ጥቕሚ ካብ ምንጨ ኣቃሊዕኻ ንምንቃፅ ጥዑይ ፖለቲካዊ ቃልሲ፣ ዴሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ ምጥላቡን ብኡኡ ኣቢሉ ንዴሞክራሲ ምጥንኻሩን ዘይተርፍ'ዩ። ኣብ ካልኦት ሕብረተሰባዊ ክፍሊታት ናይ ወያናይ ዴሞክራሲ'ውን ተመሳሳሊ ነገር ምህላዉ ኣይተርፍን። ኣብ ውሽጢ ወያናይ ዴሞክራሲ ውዑይ ዴሞክራሲያዊ ቃልሲ ከምዝህሉ ገይርካ ንወያናይ ዴሞክራሲ ብቐፃልነት ንምጉልባት፣ ዴሞክራሲያዊ ስርዓትና ካብ ውሽጡ ባዕሉ ንባዕሉ ክሕሉ ንምግባር ናይ ሓፋሽ ውዳበታት ተራ ወሳኒ'ዩ፣ ማሕበራዊ ናይ ህዝቢ ኣብ'ቲ ምንቅስቓስ ብዝለዓለ ደረጃ ክሳተፉ ኣለወን ንብለሉ ሳልሳይ መሰረታዊ ምኽንያት'ውን እዚ'ዩ።

# ትንታነ ዜና

## ትንፋስ ፅግዕተኛታት ዘቃብፅ ዕዉት ጉዕዞ ፖሊሲ ትምህርቲ

ፖሊሲ ትምህርቲ ኢህወዴግ ኣብ ክሳድ ሓይልታት ትምክሕቲ ንዝኣተወ ናይ ዴሞክራሲ ፍትሕን ልምዓትን፣ ሰላምን ገመድ እናሸንቀቐ፣ ሃገርና ኢትዮጵያ ካብ ድኽነትን ድሕረትን ተናጊፋ ኣብ ቅልጡፍ ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ፖለቲካውን ምዕባለ ክትምርሽ ኣብ እትኽእለሉ ብርኪ ኣብፂሑዋ ይርከብ።

ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሃገርና ብቋንቋኦም ንክመሃሩ፣ ሽፋን ትምህርቲ ናብ ኩሉ ከባብታት ንክበፃሕ፣ እቲ ዝመሃር ሓይሊ እውን ካብ ተፀባይነት ወፂኡ መፍረያይ ሓይሊ ንክኸውን ራእይ ሒዙ ኢህወዴግ ዝቐረፆ ፖሊሲ ትምህርቲ ካብ ብጊሓቱ ዓበድበድ ዘበሎም ሓይልታት ትምክሕቲ ሃገርና ኣብ ትምህርቲ እተመዝግቦ ዘላ ኣንፀባራቒ ዓወት ናብ ናይ መወዳእታ ዓቕሊ ፅበታዊ ፋሕጠርጠር ክኣትዉ ገይርዎም ኣሎ።

ብሄር ብሄረሰባት ብቋንቋኦም ክመሃርሉ ዝኽእሉ ዕድል ካብ ዝጎናፀፉ 15 ዓመት ተቖፂሮም ኣለዉ። ብደረጃ ሃገር ካብ ዝርከቡ 16,513 ቀዳማይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ እቶም 85% (ልዕሊ 14 ሽሕ) ኣብ ከባብታት ገጠር ዝርከቡ ብምዃኖም እውን ደቂ ሓረስታይ ሰፊሕ ናይ ትምህርቲ ግልጋሎት እናረኸቡ እዮም። ኣብዞም ኣብያተ ትምህርቲ ልዕሊ 10 ሚልዮን ደቂ ሓረስቶት ከምዝመሃሩ እውን ይፍለጥ።

ብመዳይ ኮሌጃት ቴክኒክን ሙያን እውን ቅድሚ ውድቀት ደርጊ 2,500 ተምሃሮ ጥራሕ ናይ ምቕባል ዓቕሚ ዝነበረን 16 ኮሌጃት ቴክኒክን ሙያን ኣብዚ ሕዚ እዋን ቁፅረን ናብ 200 (108 መንግስታዊ፣ 91 ዘይመንግስታዊ) ክብ ኢሉ፤ ልዕሊ 106 ሽሕ ተምሃሮ ብሙያን ቴክኒክን ሰልጢኖም ፈጠርቲ ስራሕ ክኾኑ ዝኽእልሉ ዕድል ተፈጢሩ እዩ።

ኣብ 1983 ዓ/ም ካብ 3000 ተምሃሮ ንላዕሊ ናይ ምቕባል ዓቕሚ ዘይነበራ ሓንቲ ዩኒቨርስቲ እያ ነይራ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ግና ሃገርና በዓልቲ 21 ዩኒቨርስትታት ንምዃን እናተሸባሸበት እያ። ኣብ 1997 ዓ/ም ልዕሊ 30 ሽሕ ሓደሽቲ ተምሃሮ ዝቕበላ ሸሞንተ ዩኒቨርስትታት ዝነበራ እንትኾና፤ ኣብዚ ሕዚ እዋን 13 ሓደሽቲ ዩኒቨርስትታት ተሃኒፀን ስራሕ ንምጅማር እናተዳለዋ እየን። ገሊኦን ድማ ስርሐን ጀሚረን እየን።

ኣብ ሚኒስቴር ትምህርቲ ሚኒስትር ዲኤታ ዶ/ር ኣድሃና ሃይለ እተን ሓደሽቲ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ንዝርከባሉ ኩነታት ኣመልኪቶም ንዝሃቡና መብርሂ ክነስዕብ።

«እተን 13 ሓደሽቲ ዩኒቨርስትታት ኣብ ወርሒ መስከረም 1999 ዓ/ም ስራሕ ክጅምራ ዝብል ትልሚ እዩ ነይሩና። ገሊኦን ስርሐን ጀሚረን እየን፤ ተምሃሮአን ዝፀውዓ እውን ኣለዋ። ካብተን ኣብዚ ዓመት ስርሐን ክጅምራ እየን ዝበሃላ ብዘይካ እታ ሓንቲ (ኣብ ሮቤ ዘላ) እተን ዝተረፋ ክሳብ ለካቲት ተምሃሮአን ተቐቢለን ስርሐን ክጅምራ እየን። እዘን ኣብያተ ትምህርቲ ሕድሕደን ክሳብ 2,500 ሓደሽቲ ተምሃሮ ናይ ምቕባል ዓቕሚ ዘለወን እንትኸውን፤ ሎምዘመን ግና ካብ 800 ክሳብ 850 ተምሃሮ ተቐቢለን ከተኣናግዳ እየን።»

ንታ ሎምዘመን ስራሕ ኣይትጀምርን ዝተብሃለት ገዲፍና ኣብ 1998 ዓ/ም 36,500 ሓደሽቲ ተምሃሮ ናይ ምቕባል ዓቕሚ ዝነበረን ትሽዓተ ዩኒቨስቲታት፤ ሎምዘመን ቁፅረን ናብ 20 ሓፍ ኢሉ 41,500 ሓደሽቲ ተምሃሮ ክቕበላ ኣብ ዝኽእላሉ ብርኪ ይርከባ። እተን ሓደሽቲ ዩኒቨርስትታት ብምሉእ

ዓቕመን ስርሐን እንትጅምራ በብዓመቱ 110 ሽሕ ሓድሽ ተምሃራይ ናብ ዩኒቨርስቲ ናይ ምእታው ዕድል ክረክብ እዩ።

እቲ ኣብ ዝርገሐ ትምህርቲ ዝተመዝገበ ኣንፀባራቒ ዓወት ከምዘሎ ኮይኑ መንግስቲ ኢህወዴግ ዕፈት ትምህርቲ ንምርግጋፅ ዝተፈላለዩ ፃዕርታት እናገበረ መፂኡ እዩ። መምህርነት ኣብ ድልየት ዝተመስረተ ሞያ ክኸውን ካብ ምግባር ጀሚሩ፤ ዓቕሚ መምህራን ንምጉልባት ዝተፈላለዩ ሞያዊ ስልጠና ዝረኽብሉ ሰፊሕ ምንቅስቓስ እናገበረ እዩ። መንግስቲ ኢህወዴግ ብዝሓንፀዖ ፖሊሲ ትምህርቲ እውን ብናይ ርሕቐት ትምህርቲ ሞያኦም ዘማዕብሉ ብርክት ዝበሉ ወገናት ኣለዉ።

ብዘይካ'ዚ ዕሬት ትምህርቲ ንምርግጋፅ ናይ ስርዓተ ትምህርቲ ምምሕያሽ ስራሕቲ እናተሳለጡ እዮም። ሚኒስትር ዲኤታ ዶ/ር ኣድሃና ሃይለ ኣብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ስርዓተ ትምህርቲ ናይ ምምሕያሽ ስራሕቲ እናተኣታተወ ከምዝኾኑ ይገልፁ።

እዙይ ከምዘሎ ኮይኑ ዕግዕተኛታት ምስ ዕርየት ትምህርቲ ኣተሓሒዞም ዘልዕልዎ ጉዳይ ኣሎ። ናይ ዩኒቨርስቲ መእተዊ ይኹን መሕለፊ ነጥቢ ትሕት ምባሉ ዕሬት ትምህርቲ የጓድል እዩ ይብሉ። ሚኒስትር ዲኤታ ኣድሓና ሃይለ ኣብ ዙርያ እዙይ ዝብልዎ ኣለዎም።

«እቲ ቁፅሪ ንበይኑ ወሲድካ ናይ ዕሬት ምጉዳል ገይርካ ክትወስዶ ትኽእል ኢካ። እቲ ቀንዲ ነገር ግና ብዙሕ መከራ፣ ብዙሕ ፀገም፣ ብዙሕ ማሕለኻ ሓሊፎም ካብ ገጠራት ዝመፁ ተምሃሮ በሪ ዩኒቨርስቲ ምክልኻል ግቡእ ድዩ ዝብል እዩ። ነዚ ኩሉ ማሕለኻ ሰዒሮም ናብ ዩኒቨርስቲ ንምእታው እንተንኳሕኩሑ እንተለዉ እቲ በሪ ክኽፈተሎም እዩ ዘለዎ። እቲ በሪ ምስተኸፈተ ድማ ነቲ ሰኒቕምዎ ዝመፁ ዝተወሰነ እውን ይኹን ዓቕሚ (ኩሉ ነገር ተመቻቺዩሎም ዝመፁ ስለዘይኮኑ) ክሕዝዑ ኣለዎም። ዩኒቨርስቲታት ድማ ከመይ ከምዝስራሕ ብምርኣይ፣ ብምክትታልን ደገፍ ብምሃብን እቲ ዝጎድሎም ነገር ንምምላእ ፃዕሪ ክገብሩ ኣለወን። ስለዚ በሪ ምዕፃው ኣይኮነን እቲ ፍታሕ፤ በሪ ከፊትካ እቲ ዘጋጥሞም ጎደሎታት ዝእለየሉ፣ ዓቕሚ ፈጢሮም ዝወፅሉ ኩነታት ምፍጣር እዩ»

እቲ ዕዉት ጉዕዞ ትምህርቲ ዘይተውሓጠሎም፤ ካብ ብገሓቱ ጨርቆም ምቕዳድ ዝጀመሩ ሓይልታት ነቲ ጉዕዞ ብዝተፈላለየ መንገዲ ከሰናኽልዎ ፈቲኖም እዮም። ንኣብያተ ትምህርቲ መሰጎሚ ዝበኸተ ኣጀንደኦም ክገብርወን ብተደጋጋሚ ዕዒሮም እዮም። ይኹን'ምበር እቲ ንብሄር ብሄረሰባት ሃገርና ብማዕርነት ዝጠመተ፣ ኣብ ገጠራት ዝርከቡ ወገናትና ብስፍሓት ዝሳተፍሉ ዘለዉ ዕዉት ጉዕዞ ትምህርቲ፤ ንሓይልታት ፅግዕተኝነት ናይ መወዳእታ ትንፋሶም ኣሕሊፉ ብምፍቕቓድ ህዝብታት ዝተመስረተት፣ ምዕብልቲ ኢትዮጵያ ዝሃንፅ ወለዶ እናፍረየ ከምዝምርሽ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

## መልእኽተ ወይን

# ህዝባውነት፣ መፍለዪ ባህርይ ሰራዊትና

ሚሽጥር ጥንካረ ሰራዊት ህወሓት ክርድኦም ዘይከኣለ ፀላእቲ ኮኑ ካልኦት፣ ነቲ ሕንቅሕንቅሊተይ ንምፍታሕ ገሊኦም ነዊሕ ግዜ ወሲዱሎም ገሊኦም ድማ ክሳብ ሕዚ'ውን ኣይተረደኦምን። ብተመሳሳሊ እቲ ብጥምረት ኢህዴን (ብኣዴን)፣ ኦህዴድን ህወሓትን ዝቖመ ሰራዊት ኢህወዴግ ካብ ማዕበል ዝሰለጠ ደምሳሲ ስትራቴጂካዊ መጥቃዕትታት ኣካይዱ ብተነፃፃሪ ኣብ ሓፂር ግዜ ንሰራዊት ደርግ መሊኡ እንትድምስስ ፀላእቲ ኮኑ ካልኦት ነቲ ውድብ ብቐረባ ዘይፈልጥዎ ሓይልታት ነቲ ሚሽጥር ክፈልጥዎ ኣይከኣሉን። ንኣባላት ህወሓት ደሓር'ውን ኢህወዴግን ነቲ ዝመርሕዎ ህዝብን ግና መበገሲ እቲ ጥንካረን ዓወትን ሚሽጥር ኣይነበረን። ንወድዓዊ ኩነታት መሰረት ገይሩ ዝተቐርፀ ቅኑዕ መስመር፣ ነቲ መስመር ጨቢጡ ዝመርሕ ብቑዕ ኣመራርሓን ኣባልን፣ ኣብ ዙርያ እቲ መስመር ዝዓሰለ እልፊ ዝወየነ ሓፋሽ፣ ሚሽጥር ናይ'ቲ ዓወት ከምዝኾነ ግሁድ እዩ ነይሩ። ቅኑዕ ዕላማ ሒዙ ኣብ ጐድኑ ንሓፋሽ ዘሰለፈ ሓይሊ ተዓዋታይ ከምዝኾነ ዘረጋገፀ ሓቂ።

እቲ ንሰራዊት ኢህወዴግ መበገሲ ገይሩ ዝቖመ ሰራዊት ምክልኻል ሃገርና'ውን ኣብ ዓውደ ስራሕቱ ብቐፃልነት እናተዓወተ ዝመፀሉ ምኽንያት ሕዚ'ውን ንፀላእቲ ሚሽጥር ይኹን'ምበር ንኣባላት ኢህወዴግን ዝመርሕዎ ሓፋሽን ግና ግልፂ'ዩ። እቲ ዓወት ውዕኢት ቅኑዕ ዕላማ፣ ብቑዕ ኣመራርሓ፣ ውፉይ ሰራዊትን ዙርያ መለሽ ደገፍ ሓፋሽን ከምዝኾነ ካብ ፈተውቲ ዝተሰወረ ሓቂ ኣይኮነን። ንወራር ሻዕብያ ኣብ ምምካትን ናይ ውሽጢ ፀረ-ሰላም ሓይልታት ውዲት ኣብ ምፍሻልን ዝተመዝገበ ዓወት መበገሲኡ ሕዚ'ውን ቅኑዕ ዕላማን ደገፍ ዓርሞሸሽ ሓፋሽን እዩ። እቲ ካብ ሓፋሽ ተቐዲሑ ንረብሓ ሓፋሽ ብፅንዓት ዝቖመ ሰራዊት ምክልኻል ሃገርና ንፁር ተልእኾ ሒዙ ብቑዕ ኣመራርሓ ረኺቡ፣ ኣድላዪ ሞያውን ፖለቲካውን ብቕዓት ዓጢቑ ንልዕልነት ሕገ-መንግስቲ ሃገርና ብጅግንነት ስለዝተዋደቐ ዝተረኽበ ዓወት።

ሰራዊት ምክልኻል ሃገርና ኣብ'ዚ ቀረባ ኣንፃር ኣሸበርትን ፅንፋውያንን ሶማሊያ ኣብ ዘካየዶ ናይ ምክልኻል ኵናት ዘመዝገቦ መስተንክር ዓወት'ውን ካብ'ቲ ኣብ ሕሉፍ እናዓተሮ ዝመፀ ዝፍለ ኣይኮነን። እኒ ድኣስ ናቱ መቐፀልታን ብዝበለፀ ብቕዓትን ጥበብን ዝተፈፀመ ኣንፀባራቒ ዓወትን ምዃኑ ጥራሕ'ዩ ዘመልክት። ሕዚ'ውን ብጥበብ፣ ቅልጣፈን ደምሳሳይነትን እዚ ዓወት ኣዝዮም ዝተገረሙ ሓይልታት ንሚሽጥር ናይ'ቲ ውፅኢት ምፍታሕ ኣይከኣሉን። እዞም ሓይልታት «ሰራዊት ኢትዮጵያ ናብ ሶማሊያ እንተኣትዩ መውፅኢ ናብ ዘይብሉ መዋጥር ክኣቱ'ዩ» ብምባል ከንቱ ትንቢት የቃልሑ ስለዝነበሩ በቲ ዝተረኽበ ስሉጥን ደምሳስን ዓወት ተደሚሞም። ካብ ምድማም ሓሊፎም ንሚሽጥር እቲ ዓወት ዝተፈላለዩ ዘይሓቂ ግን ድማ ግምታዊ መልስታት ናብ ምሃብ ሰጊሮም። እቲ ሚሽጥር ግና ሕዚ'ውን ሓደን ሓደን'ዩ፤ ኣብ ዙሪያ ህዝባዊነት ዝሽክርከር ሚሽጥር። እቲ ኵናት ሃገርና ዘይደለየቶ፣ ብዙሕ ሰላማዊ ፃዕሪ ገይራ ምስፈሸለ ምእንተ ምኽባር ሉኣላዊነታን ሰላማን ተገዲዳ ዝኣተወቶ ምዃና ሓደ መበገሲ ናይ'ቲ ዓወት'ዩ። ናይ ሓይልታት ኣሰላልፋ ተነፂሩ፣ ሰራዊት መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማሊያን ህዝቢ ሶማሊያን ኣብ ጐድኑ ኣሰሊፉ፣ ካብቶም እስላማዊ ቤት ፍርዲ'ውን ነቶም ፅንፋውያን ጥራሕ ፈልዩ ዝድምስስ ምዃኑ'ውን ካልእ ፍሉይ ባህርይ ናይ'ቲ ወፍሪ'ዩ።

ልዕሊ ኩሉ ድማ ሰራዊትና ኣብ ውሽጡ መሓውራዊ ለውጢን ዕርየትን ናይ ምክያድ ወፍሩ ብወሳናይነት ኣብ ዘሳለጠሉ ዕባሕ ዝተኻየደ ምዃኑን ንፁር ተልእኾ፣ ብቑዕ ኣመራርሓን ልሙድ ህዝባዊ ጅግንነትን ተላቢሱ ብምውፋሩ ነቲ ዓወት ኣድሚቕዎ። ሎሚ'ውን ሰራዊት ምክልኻል ሃገርና እቲ

ብኢህወዴግ ዝምራሕ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ዝሓንፀዖ ቅኑዕ ናይ ውግእ ትልሚ ጨቢጡ ንፀላእቲ ንበይኖም ነፂሉ ኣብ ሕቑፊ ጓጓ ህዝቢ ኣትዩ ብጅግንነት ስለዝተዋግአ ንክብሪ ህዝብን ሃገሩን ዋርድያ ኮይኑ፡፡ ብሳላ እቲ ብቑዕ ኣመራርሓ ዘበገሶ ቅኑዕ ናይ ውግእ ስትራቴጂ ሰራዊት ምክልኻል ሃገርና፣ ምስ ሰራዊት መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማሊያ ጥራሕ እንተይኮነስ ምስ'ቲ ሰላም ዝፀምኦ ህዝቢ ሶማሊያ መዓርን ፀባን ኮይኑ ንዓለም ዘስደመመ ኣንፀባራቒ ዓወት ኣመዝጊቡ፡፡ እቲ ናይ ኩሉ ሻዕ ሚሽጥር ዓወት ሰራዊትና ዝኾነ «ህዝባዊነት» ሎሚ'ውን ኣብ ቦትኡ ስለዘሎ ንፈተውቲ ዘሐጉሰ ንፀላእቲ ዘሕረረ መስተንክር ዓወት ተሓፊሱ፡፡ እዚ ሚሽጥር ከም ወትሩ ንሻዕብያ፣ ኣብ ውሽጢ ሃገርና ንዘለዉ ወከልቱ ትምክሕተኛታትን ፀበብትን ከምኡ'ውን ንፅንፋውያን ሕንቅሕንቅሊተይ ኮይኑ ክቕፅል'ዩ፡፡ ነቲ መፍለዪ ባህሪኡ ህዝባዊነት ዝኾነ ሰራዊትና ግና ናይ ቀፃሊ ዓወታቱ ምንጪ ኮይኑ ከምዝቕፅል ዘተሓታትት ኣይኮነን፡፡

## ደሃይ ገጠር

# መባኽናይነት ፀዋዒ ድኽነት!

ኣብ ወርሒ ጥሪ ንርከብ ኣለና። እዚ ወርሒ ከም መርዓ፣ ተስካርን ካልኦትን ድግሳት ብስፍሓት ዝፍፀመሉ ወርሒ'ዩ። ቅድሚ ወርሒ ጥሪ ኣብ ዝነበሩ ኣዋርሕ ናብ ገለ ገጠራት ትግራይ ኣብ ዝተንቀሳቐስናሉ እዋን ኣብ ዝበዝሕ ከባቢ ሰናይ ቀውዒ ከምዘሎ ክንግንዘብ ክኢልና ኢና። እንተኾነ ግና ነዚ ስዒቡ ከጋጥም ዝኽእል ብኽነት ክህሉ ይኽእል'ዩ ዝብል ስግኣት ድማ ኣብ ብዙሓት ወገናት ሓዲሩ ኣሎ። እዋናውነትን ኣገዳስነትን እዚ ዛዕባ ኣብ ግምት ብምእታው ናብ ምብራቕ ትግራይ ጣብያ ኣዘባ ወሪድና ምስ ምምሕዳር፣ ሓረስቶትን መራሕቲ ሃይማኖትን ተራኺብና ነይርና። እቲ ምድላው ከምዝስዕብ ይቐርብ ኣሎ።

ኣብ ጣብያ ኣዘባ ምስ ሕሉፍ ዓመት እንትነፃፀር ዝሓሸ ቀውዒ እዩ ነይሩ። ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ሓረስቶት ጣብያ ኣዘባ መደባት ቀውዒ ኣጠቓሊሎም ፍርያቶም ናብ ዓዲ ኣእትዮም ኣለው። ኣብቲ ጣብያ ዝሓሸ ፍርያት ተረኺቡ ከምዘሎ ካብ ገለፅና እቶም ነቲ እቶት ምስሳን ምኽንያት ዝኾኑ ባእታት እውን ክዕቀቡ ስለዝግበኦም እቶም ሕፀረታት ድማ ክእርነቡ ጭልፍ ኣቢልና እንተረአናዮ ጠቓሚ'ዩ።

እቲ ከባቢ ብሕፀረት ጠሊ ዝጥቃዕ ስለዝኾነ ሰፊሕ ናይ ጠሊ ምዕቃብ ወፍሪ እዩ ተኻይዱ። ኣብዚ ናብ ናይ ሎምዘበን ቀውዒ ዘሰጋገረ ክራማት ጥራሕ 159250 ሜትሮ መሬት ብመልክዕ ወፍሪ ዕቀባ ማይን ሓመድን ኣብ ርእሲ ምዕቃቡ ዝበዝሕ ሓረስታይ ኣብ ግራውቱ ጠሊ ዓቒቡን ማይ ኣልዩን'ዩ። እዚ ምስኮነ እውን እቲ ሓረስታይ ንመሬቱ ብዝግባእ ሓሪሱን ኣለሳሊሱን ንክዘርእ ተሓቢሩሉ'ዩ።

ይኹን'ምበር ቃሪም ኣብ ምሕራስን መሬት ብእዋኑ ኣብ ምልስላስን ደጋጊምካ ኣብ ምሕራስን ክድንቲ ዝድለ ከምዘይነበረን ብሰንኪ እዚ ድማ ኣብቲ እቶት ናይ ምንካይ ፅልዋ ከምዘሕደረን ክንግንዘብ ክኢልና ኢና። እዚ ከምዚ እንተሎ እቲ ኣብ 4116 ሜትሮ ዝተኻየደ ናይ ማይ ምእላይ ስራሕን እተን ኣብ ኣርባዕቲኡ ቁሸታት ዝርከባ ልዕሊ 550 ሆረየታትን ማይ ክዓቑረለን ዝኽእል ኩነታት ምትዕርራዩ ድማ ካብ መንጐ እቲ ምዕቡል ንጥፈት ሓረስቶት ጣብያ ኣዘባ'ዩ።

ኣብ ሓለዋ ኣዝርእትን ንጥፈታት ፃህያይን ዝነበረ ምንቅስቓስ እውን ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ዝያዳ ዝተመሓየሸ እዩ ነይሩ። እንተኾነ ግና ኣብ ዕፉን ዘጋጠመ ቃንጫ ከርከር ዝተብሃለ ባልዕ ሳኣን ኣቐዲምካ ክትትል ምግባር ዝበፅሐ ክሳራ ኣሎ'ዩ። በቲ በለ በቲ ግና ሓረስቶት ኣዘባ እዚ ናይ ሎምዘበን ቀውዒ ዝሓሸ ቀውዒ ከምዝኾነ ባዕልቶምን እቶም ኣብ ሕቑፎኦም ዝርከቡ ክኢላታት ሕርሻን ተዛሪቦምሉ ኣለው። ግን እዚ ብኽንደይ ፃዕርን ሓለዋን ናብ እቶት ዝበቅዐ ምህርቲ ብኸመይ'ዩ ክዕቀብ ዝግበኦ? ብፍላይ ሕዚ ወርሒ ጥሪ ምስ ምኧኑ ሓረስቶት ንብኽነት ብኸመይ ኣገባብ እዮም ክቃለስዎ ተበጊሶም ዘለው? ሕዚ እውን ንህዝቢ ጣብያ ኣዘባ መሰረት ገይርና ኢና ክንቕፅል።

«ድኽነት መሊእኻ ንምሕኻኽ ፍርያት ናይ ምዕቃብ ተኽእሎ ነሒይል!» ዝብል መሪሕ ሓሳብ ህዝቢ ጣብያ ኣዘባ ብኽነት ንኸየጋጥም ዘለዓዐለሉ ጭርሖ'ዩ። ዓሚ ከምዚ ሕዚ ብኽነት ንምቕናስ መላእ ሕብረተሰብ ኣብዘካየዶ ዘተ ብኽነት ፀዋዒ ድኽነት ከምዝኾነ ዝበዝሕ ህዝቢ ስለዝኣመነሉ ኣብቲ እዋን ካብ ዝኾነ ግዜ ንዓቐብ ሕብረተሰብ ንብኽነት ዝተቓለሰሉ ዘበን'ዩ ነይሩ ኢልካ ምዝካር ይከኣል።

እዚ ክኸውን ዝኸኣለ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ኣባላት ህወሓትን ማሕበራትን እቲ ውራይ ውራይና እዩ ኢሎም ስለዝተልዓሉን ምስ ሕብረተሰብ ስጡም ዝኾነ ምርድዳእ ስለዝተገበረን'ዩ:: እዚ መስርሕ ሕዚ እውን እናቐፀለ እንትርከብ ብፍላይ ሓረስቶት መራሕቲ ሃይማኖት ጣብያ ኣዘባ ሕብረተሰብ ካብ ብኸነት ክእርነብ ከምዘለዎ በቢእዋኑን በቢ መድረኹን እናካየድዎ ዘለው ቃልሲ ድማ ውፅኢታዊ ኾይኑ ኣሎ::

ኣብዚ ሕዚ ሰዓት መራሕቲ ሃይማኖት፣ ኣባላት ህወሓት፣ ኣባላት ቤት ምኽሪን ማሕበራት ሓረስቶት፣ ደቂ ኣንስትዮን፣ መናእሰይን እቲ ኣብ ሕብረተሰብ ተቐባልነት ዝረክብ ዘሎ መኸተ ብኸነት ብቐፃልነት መሊኡ ንክለምስ እቲ ዝተጀመረ ምልዕዓልን ንሕብረተሰብ ግንዛበ ናይ ምጭባጥን ስራሕ ተጠናኺሩ ንክቕፅል ተዘራሪቦም እዮም:: ከምኡ'ውን እቲ በብወገኖም ክዋፅእዎ ዝግባእ ሓላፍነት ንክዋፅኡ ተረዳዲኦምን ኣለው::

ብሓፈሻ እንትረአ ምምሕዳር ጣብያ ኣዘባ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ዘበን ዋላ እኳ ፅቡቕ ምህርቲ እንተተረኸበ ብሰንኪ እዚ ግና ብኸነት ከጋጥም'ዩ ዝብል እምነት ከምዘይብሎም እንትዛረቡ ናይዚ ምኽንያት ድማ ኣብ ሕብረተሰብ ዓሚቕ ምርድዳእ ስለዝተፈጠረ'ዩ በሃልቲ እዮም:: ኣብዚ መዳይ እቶም ነበርቲ ኸ እንታይ ይብሉ? ዝብል ድማ ንርአ::

ቀሺ ተስፋይ ካሕሳይ ነባሪ እቲ ጣብያ ቁሸት ገርገራ እዮም:: እዞም ሓረስታይ ቀሺ ሕብረተሰብ ከባቢኦም ካብ ብኸነት ንክዕቀብ ኣስተምህሮ ብምሃብ ብፅቡቕ ዝሕግዙ ኾይኖም ከምዚ ድማ ኢሎምና፤ «ርግፅ'ዩ ቅድም እንትብል ሕብረተሰብ ካብ ዓቐን ንዓቐብ ድግስ ብምድጋስ ዝለዓለ ብኸነት ይፍፅም ብምንባሩ ነዚ ስዒቡ ንድኸነትን ጥሜትን ይቃላዕ ነይሩ'ዩ:: ሎሚ ግና ብፍላይ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ጀሚሩ ብዝካየድ ምልዕዓል ደረጃ ብኸነት እናቐነሰ እዩ::»

ቅድም እንትብል ተስካር ንክካየድ ኣብ ኣውደ ምህረት ዘለዓዕሉ ዝነበሩ ካህናት ሎሚ ብግልባጡ ብኸነት ንጥሜት ስለዘቃልዕ ህዝቢ ብጥሜት እንትጥቃዕ ድማ ፈጣሪ ስለዝሓዝን ክንጠሚ ኣይብልናን እናበሉ ንሕብረተሰብ የስተምህሩ ከምዘለው ዝተዛረቡና ቀሺ ተስፋይ፤ እዚ ምንቅስቓስ ብቐፃልነት እውን ተጠናኺሩ ስለዝቕፅልን ዝኾነ ሰብ ኣብ ክንዲ እኽለ ማይ ኣፍሲሱ ዝድግስ ንቤተክርስትያን ዝተወሰነ ክፍሊት ከፊሉ ፍትሓት ክፍትሕ ከምዝኽእል ምስ መላእ ሕብረተሰብ ኣብ ምርድዳእ ስለዝተበፅሐ ብኸነት ከገጥም'ዩ ዝብል እምነት ከምዘይብሎም እዮም ገሊፆምልና::

ኣብዚ ካልእ ርኢቶ ዝሃቡና ኣባል ህወሓት ዝኾኑ ሓረስታይ ፍስሃ ሃ/ማርያም እዮም:: ነባርነቶም ድማ ኣብ ቁሸት ስምረት እዩ:: እዞም ሓረስታይ ከም መጠን ኣባል ውድብ ንብኸነት መሪሕ ብምኳን እናተቓለሱ ከምዝርከቡን ብቐፃልነት እውን ብተመሳሳሊ ከምዝንቀሳቐሱን ምስተዛረቡና ብሓፈሻ ግና ህዝቢ ጣብያ ኣዘባ ብኸነት ንኸየጋጥም ብፅንዓት ከምዝቃለስን እቲ መድረኽ ምልዕዓል ግና ሕዚ እውን ተጠናኺሩ ክቕፅል ከምዝግባእን ኣተሓሳሰቡ እሞ፤ ኣብዚ መራሕቲ ሃይማኖትን ኣባላት ውድብን ዝለዓለ ሓላፍነት ከምዘለዎም ተገንዚቦም ንህዝቢ ከስተምህሩን መሪሕ ክኾኑን ፀዊዖም:: ንሕና'ውን ድኸነት ፀዋዒ ድኸነት ስለዝኾነ እቶትና ንምስሳንን ብኸነት ንምውጋድን ንቃለስ እናበልና መሰናድኦና ንዛዝም ኣለና::

## ጠዓሞት

# ዝሐሸ ምህርቲ መዓር ንምርካብ

ኣብ ክልልና ትግራይ ብሕርሻን ልምዓት ገጠርን ኣቢሎም እናተሳለጡ ካብ ዝርከቡ ንጥፈታት ሓደ ውፅኢት ፍርያት ንህቢ'ዩ። እቲ ፃዕራም ፍጥረት ዝኾነ ንህቢ ፅርየቱ ዝሓለወን ስሑንን ፍርያት ምእንታን ክልግስ ሓረስቶት ነፂሮም ክፈልጥዎም ብዛዕባ ዝግባእ ንጥፈት ሰብ ሞያ ምኽሪ ይህቡ ኣለዉ።

- ባህላዊ ኮነ ዘበናዊ ቆፎ ንህቢ ኣብ ዝርከበሉ ከባቢ ፅርየት እቲ ከባቢ ብዝግባእ ክሕለው ይግባእ። ምስ እዚ ተዛሚዱ ድማ ደጋውን ውሽጣውን ፈተሻ ቆፎ ምክያድ።
- ምብራስ ኣግራብትን ተኽልታትን ንምውሓድ ቀለብ ኣናህብ ምኽንያት ስለዝኾውን ኣብ ሓለዋ ከባቢ ዝለዓለ ጠመተ ምግባር፣ ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ድርቂ ንኣናህብ ማይን ምግብን (ከም ጥሕኒ ዝኣመሰለ) ምቕራብ ንዕስለ ኣናህብ ድማ ካብ ዝኾነ ዓይነት ተፃባኢ ምክልኻል።
- ኣብ ባህላዊ ኮነ ዘበናዊ ቆፎ ዝነብሩ ኣናህብ ኩነታቶም ምፅናዕን ምክትታልን ኣገዳሲ ኮይኑ እዚ ድማ ብደገ ብምርኣይ ማለት እውን ኣወፋፍረኦም ብምክትታል ከምኡ ድማ ውሽጣዊ ምክትታል ማለት እውን ነቲ ቆፎ ብምኽፋት ምስትብሃል ይግባእ።
- ኩነታት ኣናህብ ብብዙሕ መንገዲ ምክትታል ዝከኣል እኳ እንተኾነ ፅገ ሒዞም ዝኣትዉ ዘለዉ ምኻኖም ምርግጋፅ፣ እታ ንግስቲ ንህቢ ምህላዋ ምርግጋፅ፣ ከምኡ'ውን ዝዓቢ ሓሰኻ ከም ዘሎ ምስትብሃልን መዓዛን ፅገን ከምዝተኣከበ ምስትብሃልን ግና እቶም ቀንዲ ጉዳያት እዮም።
- ኣናህብ ልክዕ ከም ካልኦት እንስሳት ንምንባር፣ ንምርባሐን ከምኡ'ውን ምህርቲ መዓር ክህቡ ቀልብን እኹል ማይን ስለዘድልዮም ኣናህብ ኣብ ዝሰፈርሉ ከባቢ ምግብን ማይን ከምዘሎ ምርግጋፅ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ።
- ኣናህብ ብተፈጥሮ ካብ ዝቦቕሉ ኣግራብ፣ ቁጥቋጥን ዕንበባታትን ከምኡ'ውን ካብ ኣዝርእቲ ብዝርከቡ ፅገን መዓዛን እናተመገቡ እዮም ንዓና ፀጋታቶም ዝልግሱልና። ስለዚ ብፍላይ ዓምበብቲ ተኽልታት ንፅገ ኣናህብ ዝለዓለ ረብሓ ስለዘለዎም ክነልምዮም ይግባእ።
- ኣናህብ ብተፈጥሮኦም ጭሙታትን ፃዕራማትን እኳ እንተኾኑ ተፃባእቲ ነገራት እንትገጥምዎም ከለዉ ግና ብቐሊሉ ስለዝብተኑን ስለዝጠፍኡን ካብ ተፃባእቲ ነገራት ማለት እውን እቶም ልሙዳትን ዝውቱራትን ዝበሃሉ ከም ፃፀ፣ በጎይ፣ ጠበቕ፣ ዒፍ፣ ሽምዒ (በላዒት ብርብርታ) ኣንበሳ ንህብን ትትጊን እዮም።
- ኣናህብ ዋላ እኳ ካብቲ ብተፈጥሮ ዝረኽብዎ ቀለብ ብተወሳኺ ካልእ ምግቢ ኣየድልዮምን እንተዘይተብሃለ ንሳቶም ግና ኣብ ዝኾነ ይኹን ባዕልቶም ደኺሞም ካብ ዝረኽብዎ ቀለብ ፅገን መዓዛን ዕምባታትን ክቕለቡ ይመርፁ። ይኹን'ምበር ብፍላይ ኣብዚ ከምዚ ናይ ሕዚ አዋን ሓጋይ ግና ከም መዓር፣ ሽኮር፣ ጥሕኒ፣ ዝተወቐጠ እንጣጢዕ ኒህጉን ካልኦትን ምቕራብ ኣገዳሺ'ዩ።

* እንበኣርከስ ንሕዚ ኣብዚ ንሰናበት፣ ኣብዚ ሓረስቶት ክፈልጥዎ ዝግባእ ግና ስራሕቲ ምርባሕ ንህቢ ሓጋይ፣ ክረምቲ፣ ቀውዒ ክስራሕ ስለዝኽእል በቢእዋኑ ክንክን ምግባር የድሊ'ዩ። እዞም ስራሕቲ ድማ ምስ ምህርቲ መዓር ዝርከበሉ ወቕቲ ተተሓሒዞም ዳርጋ ዓመት ምሉእ ዝስርሑ እዮም።

ኣብ ክልልና ትግራይ ብሕርሻን ልምዓት ገጠርን ኣቢሎም እናተሳለጡ ካብ ዝርከቡ ንጥፈታት ሓደ ውዕኢት ፍርያት ንህቢ’ዩ። እቲ ፃዕራም ፍጥረት ዝኾነ ንህቢ ፅርየቱ ዝሓለወን ስሉንን ፍርያት ምእንታን ክልግስ ሓረስቶት ነፂሮም ክፈልጥዎም ብዛዕባ ዝግባእ ንጥፈት ሰብ ሞያ ምኽሪ ይህቡ ኣለዉ።

- ባህላዊ ኮነ ዘበናዊ ቆፎ ንህቢ ኣብ ዝርከበሉ ከባቢ ፅርየት እቲ ከባቢ ብዝግባእ ክሕለው ይግባእ። ምስ እዚ ተዛሚዱ ድማ ደጋውን ውሽጣውን ፈተሻ ቆፎ ምክያድ።
- ምብራስ ኣግራባትን ተኽልታትን ንምውሓድ ቀለብ ኣናህብ ምኽንያት ስለዝኸውን ኣብ ሓለዋ ከባቢ ዝለዓለ ጠመተ ምግባር፣ ከምኡ’ውን ኣብ እዋን ድርቂ ንኣናህብ ማይን ምግብን (ከም ጥሕኒ ዝኣመሰለ) ምቕራብ ንፅስለ ኣናህብ ድማ ካብ ዝኾነ ዓይነት ተፃባኢ ምክልኻል።
- ኣብ ባህላዊ ኮነ ዘበናዊ ቆፎ ዝነብሩ ኣናህብ ኩነታቶም ምፅናዕን ምክትታልን ኣገዳሲ ኮይኑ እዚ ድማ ብደገ ብምርኣይ ማለት እውን ኣወፋፍረኦም ብምክትታል ከምኡ ድማ ውሽጣዊ ምክትታል ማለት እውን ነቲ ቆፎ ብምኽፋት ምስትብሃል ይግባእ።
- ኩነታት ኣናህብ ብብዙሕ መንገዲ ምክትታል ዝከኣል እኳ እንተኾነ ፅገ ሒዞም ዝኣትዉ ዘለዉ ምኺኖም ምርግጋፅ፣ እታ ንግስቲ ንህቢ ምህላዋ ምርግጋፅ፣ ከምኡ’ውን ዝዓቢ ሓሰኻ ከም ዘሎ ምስትብሃልን መዓዛን ፅገን ከምዝተኣከበ ምስትብሃልን ግና እቶም ቀንዲ ጉዳያት እዮም።
- ኣናህብ ልክዕ ከም ካልኦት እንስሳት ንምንባር፣ ንምርባሖን ከምኡ’ውን ምህርቲ መዓር ክህቡ ቀልብን እኹል ማይን ስለዘድልዮም ኣናህብ ኣብ ዝሰፈርሉ ከባቢ ምግብን ማይን ከምዘሎ ምርግጋፅ ኣዝዩ ኣገዳሲ’ዩ።
- ኣናህብ ብተፈጥሮ ካብ ዝቦቕሉ ኣግራብ፣ ቁጥቋጥን ዕንበባታትን ከምኡ’ውን ካብ ኣዝርእቲ ብዝርከቡ ፅገን መዓዛን እናተመገቡ እዮም ንዓና ፀጋታቶም ዝልግሱልና። ስለዚ ብፍላይ ዓምበብቲ ተኽልታት ንፅገ ኣናህብ ዝለዓለ ረብሓ ስለዘለዎም ክነልምዮም ይግባእ።
- ኣናህብ ብተፈጥሮኦም ጭሙታትን ፃዕራማትን እኳ እንተኾኑ ተፃባእቲ ነገራት እንትገጥምዎም ከለዉ ግና ብቐሊሉ ስለዝብተኑን ስለዝጠፍኡን ካብ ተፃባእቲ ነገራት ማለት እውን እቶም ልሙዳትን ዝውቱራትን ዝበሃሉ ከም ፃፀ፣ በጎይ፣ ጠበቕ፣ ዒፍ፣ ሽምዒ (በላዒት ብርብርታ) ኣንበሳ ንህብን ትትጊን እዮም።
- ኣናህብ ዋላ እኳ ካብቲ ብተፈጥሮ ዝረኽብዎ ቀለብ ብተወሳኺ ካልእ ምግቢ ኣየድልዮምን እንተዘይተብሃለ ንሳቶም ግና ኣብ ዝኾነ ይኹን ባዕልቶም ደኺሞም ካብ ዝረኽብዎ ቀለብ ፅገን መዓዛን ዕምባታትን ክቕለቡ ይመርፁ። ይኹን’ምበር ብፍላይ ኣብዚ ከምዚ ናይ ሕዚ አዋን ሓጋይ ግና ከም መዓር፣ ሽኮር፣ ጥሕኒ፣ ዝተወቐጠ እንጣጢዕ ኒህጉን ካልኦትን ምቕራብ ኣገዳሺ’ዩ።

* እንበኣርከስ ንሕዚ ኣብዚ ንሰናበት፣ ኣብዚ ሓረስቶት ክፈልጥዎ ዝግባእ ግና ስራሕቲ ምርባሕ ንህቢ ሓጋይ፣ ክረምቲ፣ ቀውዒ ክስራሕ ስለዝኽእል በቢእዋኑ ክንክን ምግባር የድሊ’ዩ። እዞም ስራሕቲ ድማ ምስ ምህርቲ መዓር ዝርከበሉ ወቕቲ ተተሓሒዞም ዳርጋ ዓመት ምሉእ ዝስርሑ እዮም።